ዕድመ፥

ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ኖርወይን ኣብ መደብ ኢንትሮን እንታይ ርእይቶ ከም ዘሎኩም ንምሕባር ተሓወሱና።

ሰላም:

ኣብ ኖርወይ ኣብ ዝካየድ መደባት ስልጠናን መደብ ኢንትሮን ዝሳተፍ ሰብ ኣብዚ ናይ ተጠቀምቲ ሃገራዊ መጽናዕቲ ኖርወይ ክሳተፍ  ይዕደም ኣሎ።

ኣብዚ ኣጋጣሚ እዚ፥ ኣብቲ ስልጠና ብምስታፍኩም እንታይ ከም ዝሰምዓኩም ንዝብል ገለ ሕቶታት ክትምልሱ ተስፋ ንገብር። ክትመርጹዎም ትኽእሉ ቀወምቲ ናይ መልሲ ኣማራጽታት ኣለዉ።

እቲ መጽናዕቲ ብክፍሊ ምውህሃድን ብዙሕነትን ከምኡ'ውን ላዕለዋይ ትምህርትን ክእለትን እዩ ዝካየድ ዘሎ።

ንዓናን ንምምሕዳርኩምን፥ ንዓኻትኩምን ንኻልኦት ተሳተፍትን ዝሓሸ ዕድል ንኸንህብ፥ ብዛዕባ ተሞክሮታትኩም ሓበሬታ ክንረክብ ንደሊ።

ኣብ መልስታትኩም ክፉታትን ቅኑዓትን ክትኮኑ ኣገዳሲ እዩ፥ ምኽንያቱ እንታይ ክመሓየሽ ከም ዘለዎ ቅኑዕ ሓበሬታ ክንረክብ ኣለና። ንኣብነት፥ ኣብቲ ትሳተፉሉ ዘለኹም ስልጠና ዕጉባት እንተ ኼንኩም፥ ኣብቲ መደብ ምክፋል ደስ ይብለኩም ድዩ፥ ከምኡ'ውን ብዛዕባ'ቲ ስልጠና ኣሉታዊ ኮይኑ ዝሰምዓኩም ነገራት ኣሎ እንተኾይኑ ክትሕተቱ ኢኹም።

እቲ ተሳትፎ ብወለንታ ኮይኑ፥ ነቲ ናይ ተጠቀምቲ መጽናዕቲ ንምምላስ ድማ ኣስታት 30 ደቓይቕ ኣቢሉ ይወስድ። ኣብቲ ናይ ተጠቀምቲ መጽናዕቲ ስም ኣይግለጽን እዩ። መልስታትኩም ድማ ከም ሰብ ንዓኹም ክድህስስ ዝኽእል ኣይኮነን፥ እቲ ኮሙን'ውን ብውልቂ እንታይ ከም ዝመለስኩም ክርእዮ ኣይክእልን እዩ።

ኮሙነኹም ኣብቲ ናይ ተጠቀምቲ መጽናዕቲ ክትሳተፉ ዕድል ይህበኩም እዩ።

ኣብቲ መጽናዕቲ ቋንቋ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ታሕተዋይ ሸነኽ ናይቲ ገጽ ካብ ዘሎ ናይ ቋንቋታት መጠወቒ ተጠቐሙ። ኩላቶም ናይ ሕቶታትን መልስታትን ኣማራጽታት ብጽሑፍን ብድምጽን ኣለዉ። ናይ ሕቶታትን መልስታትን ኣማራጽታት ክትሰምዑ እንተ ደሊኹም ነቲ ናይ ድምጺ መጠወቒ ተጠቐሙ።

ንኹሉ'ቲ መሕተቲ ብሓንሳብ ክትምልሱዎ ኣለኩም።

ኣብ ናይ ተጠቀምቲ መጽናዕቲ ስለ ዝተሳተፍኩም የቐንየልና!

ምስ ሰላምታ